# ናይ ጎሮሮ ረክሲ እንታይ ትገብሩ



1. ናይ ስትሪብቶኮካል ባክተርያ ናይ ጎሮሮ ረክሲ
2. ርሁማቲክ ፊቨር
3. ናይ ርሁማቲክ ልቢ ሕማም

World Health Organization


UNESCO


WORLD HEART FEDERATION®

# 1 ናይ ስትሪፕቶኮካል ናይ ጎሮሮ ረክሲ

## ሓልሓሊፉ ናይ ጎሮሮ ረክሲ ከጋጥም ይክእል እዩ ነገር ግን ሓድ ሓደ ዓይነታት ረክሲ ፍልይ ዝበለ ክንክን የድልዮም

## ብሃንደበትን ብፍጥነትን ዝመፅእ ኣብ እወን ምውሓጥ ዝሕምምሕ ወይም ዘቅንዙ ከምኡ ውን ረስኒ ዝሰድድ ናይ ጎሮሮ ረክሲ ብፍሉይ መልኩዑ ክንክን የድልዮ እዩ






ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝበፅሑ ፡ ብፍላይ ከዓ አብ ዘይተመቻቸወ ኩነታት ዝነብሩ ቆልዑ ኣብ ሓደ ዓመት ካብ 4 ክሳብ 6 ግዜ ናይ ላዕለወይ መተንፈሲ ኣካላት ረክሲ ከጋጥሞም ይክእል። ካብዚኦም ሓደ ናይ ጎሮሮ ረክሲ እዩ። መብዛሕቲኡ ናይ ጎሮሮ ረክሲ ብ ቫይረስ ዋላ ዝመፅእ እንተኮነ ሓድ ሐደ ግዜ ብ ስትሪፕተኮከስ ዝበሃል ባክተርያ ክመፅእ ይክእል እዩ። ብ ስትሪፕቶኮከስ ዝመፅእ ናይ ጎሮሮ ረክሲ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑ ብስፍሓት ዝረአን ኣብ ዝተጨናነቀ ናይ ገዛን ትምህርቲን ኩነታት ብቀሊሉ ዝመሓላለፍን ረክሲ እዩ።

ሓደ ቆልዓ ናይ ስትሬፕት ናይ ጎሮሮ ረክሲ መዓዥ ይህልዎ
ኣብ ሓፂር ሰዓታት ሃንደባታዊ ሓያል ናይ ጎረሮ ቃንዛን ሓያል ረስኒን ይህልዎም።
ከምኡውን ድሕሪት ኣፎምን ቶንሲሎምን ምሕባጥን ምቅያሕን ፣ ናይ ክሳድ ፅኪታት ምቅንዛውን ምሕባጥን ይህልዎም። መብዛሕቲኡ ግዜ ሰዓልን ናይ ኣፌንጫ ዘረብረብ ምባልን ኣይህልዎምን።

## ናብ ጥዕና ጣብያ ምካድ የድልይ እዩ። ብናይ ጥዕና በዓል ሞያ ኣፍካ/ኪ ተመርሚሩ መድሓኒት ክወህበካ/ኪ እዩ።





ናይ ስትሪፕት ናይ ጎረሮ ረክሲ ዝሓዞ ቆልዓ ናብ ሕክምና ብቁልጡፍ ተወሲዱ በ ጥዕና ባዓል ሞያ ተመርሚሩ መድሓኒት ክወስድ ኣልዎ። ዝወስዶ መድሓኒት ድማ ብ ጭዋዳ ዝውጋእ ቤንዛንቲን ፔንሲሊን እዩ። እዚ መድሓኒት እቲ ቆልዑ ርሁማቲክ ፊቨር ከይሕዞምን እዚ ሕማም ናብ ካሊእ ከየመሓላሉፉን ይጠቅም።

# 2 ርሁማቲክ ፊቨር

## ናብ ጥዕና ጣብያ ወይም ሆስፒታል ብምካድ ተመርሚርካ ምድሓኒት ምውሳድ ግድን እዩ።

**እዚ ናይ ጎረሮ ረክሲ ብትክክል ዘይተሓኪሙ ኣብ ክልተ ሰሙን ካልእ ረስኒ ምስ ተወሳኺ ናይ ዓበይቲ መገጣጠምቲ ከም ብርኪ፣ ዓካሪቶ ምሕባጥ፣ምቅያሕን ምቅንዛውን ከጋጥሞም ይክእል።**

እዚ ናይ ጎረሮ ረክሲ ብትክክል ዘይተሓኪሙ ኣብ ክልተ ሰሙን ርሁማቲክ ፊቨር ከጋጥሞም ይክእል።እዚ ድማ ብ ረስኒን ተወሳኺ ናይ ዓበይቲ መገጣጠምቲ ከም ብርኪ፣ ዓካሪቶ ምሕባጥ፣ምቅያሕን ምቅንዛውን ይግለፅ። እዞም መገጣጥምቲ ምቆት ትኩሳት ኣንትሁልዎም ካብ ሓደ መገጣጠሚ ናብ ካሊእ መገጣጠሚ ናይ ምምሕልላፍ ባህሪ ኣለዎም።




ሓደ ቆልዓ ርሁማቲክ ፊቨር እንድሕር ሃልይዎ ናብ ጥዕና ጣብያ ወይም ሆስፒታል ብምውሳድ ተመርሚሩ ክሕከም ግድን እዩ። ብጭዋዳ ዝውጋእ ቤንዛንቲን ፐኒሲሊን፣ ኣስፒሪን ከምኡ ውን ንሓደ ወርሒ ዝከውን ኣብ ዓራት ዕረፍቲ የድለልዮ። ካብ ርሁማቲክ ፊቨር ንምድሓን ንውሕ ዝበለ ግዜ የድልይ እዩ። ኣብ እዚ ግዜ እቲ ቆልዓ ብደንቢ ክምገብ ኣለዎ።

# 3 ናይ ርሁማቲክ ልቢ ሕማም

ርሁማቲክ ፊቨር ን ልቢ ኣጥቂዑ ኣብ እዋን ምንቅስቃስ ብጣዕሚ ከድክመካኪ ይክእል።

## ርሁማቲክ ናይ ልቢ ሕማም

**ሓደ ግዜ ርሁማቲክ ፊቨር እንድሕር ሒዚካ ናይ ምምልላስን ምድግጋምን ባህሪ ስለ ዘለዎ ንምክልካል ኣብ ጥዕና ጣብያ በብወርሒ ዝውሰድ መድሓኒት ንነዊሕ እዋን ክትውስድ ኣለካ።**




ርሁማቲክ ናይ ልቢ ሕማም

ሓደ ቆልዓ ሓደ ግዜ ርሁማቲክ ፊቨር እንድሕር ሒዚዎ ናይ ምምልላስን ምድግጋምን ባህሪ ኣለዎ፡ ፡ እዚ እውን ናብ ናይ ልቢ ሕማም የቃልዖም። ነዚ ንምክልካል በቢወርሒ ክሳብ 21 ዖመቶም ብጭዋዳ ዝውጋእ ቤንዛንቲን ፔንሲሊን መድሓኒት ናብ ጥዕና ጣብያ ክወስዱ ኣለዎም።

ሓደ ርሁማቲክ ፊቨር ሓደ ግዜ ዝሓዞ ቆልዓ እዚ ወርሓዊ መከላከሊ መድሓኒት እንተ ዘይወሲዱም ናይ ርሁማቲክ ልቢ ሕማም ከቃልዖም ይክእል። ምስ ሕድሕድ ናይ ርሁማቲክ ፊቨር መጥቃዕቲ፣ ልቢ ተወሳኪ ክትጉዳእ ትክእል እያ። ልቡ ብርሁማቲክ ፊቨር ዝተጠቅዐት ሰብ ናይ ትንፋስ ምሕፃር፣ ድካም፣ ዝይተስርዐ ናይ ልቢ ውቅዒት ብፍላይ ድማ ኣብ ግዜ ምንቅስቃስ ክህልዎም ይክእል። እዞም ናይ ርሁማቲ ናይ ልቢ ምልክታት ምስ ግዜ እና ገደዱ ብምካድ ክሳብ ኣብ ዘይግዜካ ክሳብ ሙማት ክበፅሕ ይእክእል።



1

ሕማም ቶንሲል
ብምሕካም ሩማቲክ
ሕማም ልቢ ምክልካል
ይካአል እዩ::

2

ርሁማቲክ ፊቨር

3

ናይ ርሁማቲክ
ልቢ ሕማም

Illustration: Jarek Sierpinski, Berlin

Mekelle University

TIGRAY REGIONAL HEALTH BUREAU
ትግራይ ክልል ጤና ቢሮ

Ätiopia - Witten e.V.